ምልኩዓትን ዓበይትን ዓሌት ከምዝነበሩ ይንገር። ኣብ ዓዲ ኢሮብ ናይ'ዙ ሓቂ ሓበሬታ ክኸውን ዝኽእል "ካያይታይ ከበርታይ" ዝብል ዝጸንሐ ምስላ እውን ኣሎ ኢዩ። ከምዝትረኽ፡ ምሳኦምን ኣብ ከባቢኦምን ይነብሩ ንዝነበሩ ሰባት ዘይከኣል ክኣሉ እናበሉ ምስ ኣሸገርዎም፡ ብምኽንያት'ዙ ከቢድ መግዛእቶም ብዘንጸርጸሩ ዓሌት ሜላዊ ናዕቢ ተልዓሎም። "ኣራሑ" ዝበሃል ሓደ ሰብ ምስ ተረፎም ካልኦት ኩሎም ተቐትሉ። ከም'ቱ ኣብ ካልእ ከባቢታት ሃገርና'ውን ን'ቶም ዝደኸሙ ወይ ዝወሓዱ ንምዕብላልን ንምጽቃጥን ቢሎም ዝገብርዎ፡ ድኅሪ ብዙኅ ዘመን ኣብ'ቱ ዓዲ ሰብ ጊዜ ዝነበሩ ሰባት፡ ርስቶም ከሕድጉዎምን መሬቶም ክብሕቱን ምስ ደለዩ፡ ኣራሑ ካያይታይ ምኺኑ እናፈለጡ፡ ዘርኢ ኣራሑ ንዝኾኑ ናይ ሎሚ ካያይታ "ኣራሑ ጓሳ ካያይታ እምበር ካያይታ ኣይነበረን" ብዝብል ባህሊ ኣናኣሱዎም። እዙ ዓይነት ናይ ምንሻው-ባህሊ ብምዝርጋሕ ከዓ ኣብ'ቱ ሕብረተ ሰብ መውሰቦኣዊ ኮነ ካልእ ተመሳሳሊ ድሑር ባህላዊ ጸቕጥታት ከምዝፍጠሮም ተገብረ። እዙ ኩነት ዝተረደኡ፡ ኣይተ ሚካኤል ገብራይ (መይዳ-ጸበቦ) ዝበሃሉ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝነበሩ ኢሮበታይ ማሰኛ ዝበልዎ ማሰ፡ ካያይታ መጀመሪያ ካብ ኢሮብ ኣቀዲሞም ኣብ'ቱ ዓዲ ዝጸንሑን፡ ድኃር ከዓ ኢሮብ ብዓልቶም ዝውለዱዎም ዓሌት ድኣ እምበር "ከናሽዉዎም" ዝግብኡ ዓሌት ከምዘይኮኑ ይገልፅ።

"ታይዳባን ኣጊዳ ካያይታ፡
ኢትዮጲስኮ ጊደ ኣክበይታ፡
ተን ሊደ ታዲገም ኣይሮይታ፡
ላሂ ኮንቶም ሰዊ ዓርበይታ፡
ማጋዑማከ ይሃበይታ፡
ኣባ ራባም ባዳህ ኣስሓይታ።"

(ትርጉም)

ካያይታ ሎሚ ዘበን እንታይ ይመስሉ፡
ካብ ኢትዮጲስ ክፍሊቶም ዝምቀሉ፡
ልደኦም ፀሓይ ዝፈልጠ እንዳኣሉ፡
ዓርበይታ-ሰዋ (ማጋዑማ) ከፍቲ ብሓምሳታት ዝጥረያሉ፡
ማጋዑማን ሃበይታይን እስከሉ፡
ሞት-ኣቦስ ንወዱ ከም ኣስሓይታ እንዳኣሉ። ("ማእገር"/
መከላኸሊ ይስእን)



ሡመ እንክመጽእ ኣብ ዓዲ ኢሮብን ከባቢኡን ሰብ ይነብር ከምዝነበረ ፍሉጥ ኢዩ። ቅድሚ ኢሮብ ካያይታ ይነብርሉ ከም ዝነበረ ኢዩ ዝንገር፤ ስለዙይ ብርግጽ ጸኒሖምሉ እንተኰይኖም ብዘይካ ቅርሕንቲ ከምዝተቐበልዎ ኢዩ ዝመስል። ምኽንያቱ ሡመ መጀመሪያ እንክመጽእ ሽግር ከምዘጋጠሞ ዝሕብር ወይ ዝገልፅ ነገር የለን። ከም እኒ ሓዞ፡ ስርኾሶ፡ ወዘተ. ዝኣመሰሉ ዓለታት እውን ኣብ ዓዲ ኢሮብ ውሽጢ እኳ እንተዘይነበሩ፤ ኣብ ከባቢ ሎሚ ዝርከቡዎ ዓድታቶም ነይሮም ኢዮም። ስለዙይ ሡመ ብምዕራብ ስርኾሶ ብምሥራቅ ከዓ ሓዞ፡ ኣብ ማእከል እዞም ክልተ ኣኅዋት ኢዩ ዝሠፈረ።

ሡመን ቀረባ ደቁን ብፍላይ ምስ መን ርክብ ከምዝነበሮም ዝገልፅ ርግጸኛ ኣፈ ታሪክ ወይ ጽሑፍ የለን፤ እንተኾነ ግን፡
- ሡመ ዝሞተን ዝተቐብረን ኣብ ኣራዕ "ሰረካሎ" ኣብ ዝበሃል ቦታ፡ ኣብ ጥቓ ዓሲምባ እንክኾን ምናልባት ምስ ሓዞ ርክብ ነይሩዎ ክበሃል ይከኣል።
- "ኢሮብን ሓዞን" ዝብል ብርቱዕ ናይ ርክቦምን ነባሪ ናይ ጽቡቕ ጉርብትናኦም መግለፅን ስለዘሎ፤ ምስ ሓዞ እንካብ ሻዑ ኣትኂዙ ርኽኽብ ዝነበረ ይመስል።
- ብዝበለጸ ግን ሕዝቢ ሓረዘ እዳ እኖኡ ስለዝኾኑ ምስ ሕዝቢ ሓረዘ ዝጠበቐ ርክብ ከምዝነበሮ ይግመት።

ብተወሳኺ እዞም ሓደስቲ መጻእቲ/ሠፈርቲ (dwellers) ውሑዳት ስለዝነበሩ ንሰንሳቶም ከምዘይተኣታተዉ ርግጽ ኢዩ። ምስ'ቱ ናይ ኣካባቢ ሰብ ከምዝተዋሰቡ ከዓ ፍሉጥ ኢዩ። ምኽንያቱ መዋስብቲ ሰባት እንተዘይነብርዎም ከምዙ ሎሚ ዘሎዉ ኮይኖም ኣይምፈረዩን ነይሮም።

ደቂ ሡመ ኣብ ሓደ ቦታ ሠፈሩ ክበሃል ኣይከኣልን። ፋሕ ብትን ኢሎም ተረፉ'ውን ክበሃል ኣይከኣልን። ከመይ፡ ኣብ ላዕሊ ከም ዝተገልጸ እንካብ ሱባልሳ ዝተወልደ ጋይሶላ ንሓይዲቢር ወሊዱ፤ ሓይዲቢር ንቡክናይታን ኣድጋዳን ወለደ። ሱባይቶ ከዓ ንዘርኢ ሓሰበላ ውረድ ተዋረድ ናብ ወልዱ ሱባጋድስ ክሳዕ ሹም ዓጋመ ደስታ ወዲ ራእስ ስብሓት ወለደ። እዚኦም ከስ፡ ኣድጋዲ ዓረ፡ ቡክናይቲ ዓረ፡ ሓሳባላ፡ ብትግርኛ እዳ-ኣልገዳ እዳ-ቡኽነይቶ እዳ-ሓሰበላ፡ ሎሚ "ሠለስተ ኢሮብ" ተብሂሎም ይጽወዑ። እዙ መጸውዒ ስም'ዙይ፡ ሎሚ ዝሓዞ ትርጉሙ፡ እንካብ ናይ ቀደም ትርጉሙ፡ መሠረቱን ሓሳቡን ኣዚዩ እናረሓቐን እናጸበበን'ዩ መጺኡ ዘሎ። ስለዙይ ናይ መን መጸውዒ ስም ከምዝነበረን ከምዝኾነን ኣስተኻኺልካ